# ሃገራዊ ሐደራኡን .. ንስዉእ ማሕላኡን ብግብሪ ዘተግበረ'ስ አገናዕ'ዶ አይብሃልን?

ብተስፋይ ተኸለ - ሕቡራት መንግስታት አሜሪካ

ድሕሪ'ቲ ዘሕዝን ሃንደበታዊ መስዋእቲ ሐርበኛ ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ተረኺቦ፣ ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ ናይ አቦ ወንበርነት ቦታን፣ ነቲ ሸፊንዎ ዝነበረ ዕማማትን ሃጓፍ፣ ብኸመይ ክስተኻኸልን ብኸመይ ክምላእን ኮን ይኸውን ዝብል ሕቶ ንብዙሓት ከም ዘጨነቕም ርዱእ'ዩ ኔሩ።

ብርግጽ እዚ ሕቶ'ዚ መላእ መሰረታት ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ሰ/ባይቶ ይኹን መሪሕነቱ፣ ውዑይን ህጹጽ እዋናዊ መልሲ ከም ዘድልዮን፣ ጊዜ'ውን ፈጺሙ ዘይህብ ምዃኑን ብአግኡ ተገንዚቦሞ ኢዮም። ናይ ክቡር ጅግና ሐርበኛ ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል መስዋእቲ፣ ይትረፍ'ዶ ንስድራ ቤቱን ንዝመርሖ ውድቡን ፣ ነቲ ናይ ፍትሕን ርትዕን ለውጢ ዝጸምኦ ህዝብና ኮነ፣ ነዚ ቅዱስ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ዝጸመዱ ኩሎም ሃገራውያን ተቓለስቲ ሐይልታት'ውን እንተኾነ ተንኪፍዎም ኢዩ። ስዉእ ሐርበኛ እታ ዝፈትዋ ክብርቲ ሂወቱ፣ ምስ ኩሉ ዝውንኖ ኩለንትና ትሕዝቶታቱ፣ ነታ አዝዩ ዝፈትዋ ክብርቲ ኤርትራ ሃገሩ አበርኪቱ፣ ምስቶም ቀዳሞት ዝሐለፉ ክቡራት ጀጋኑ ሐርበኛታት ኤርትራ አሕዋቱ ተጸንቢሩ'ሎ።

ይኹን'ምበር ከምቲ "ጅግና ይመውት … ቃልሲ ግን ህያው ኮይኑ ብዘለዉ ይቕጽል" ዝተባህለ፣ መስዋእትን ሞትን ንደቂ አዳም ዝተፈጥረ ግዴታዊ ንቡርን ባህርያዊን ብምዃኑ፣ በቶም ዝተረፉ ቀጺሉ፣ ግቡእ መዓርፎኡ ክበጽሕ፣ግድነትን ግዴታን'ዩ። ግድነትን ግዴታን ክብሃል ከሎ ግን፣ ናይ'ቲ ዝካየድን ዝግበርን ቃልሲ ውጺኢቱን ፍሬኡን፣ ነቶም ውሑዳት ዝውከፉሉን ዝብጀውሉን ጥራሕ አይኮነን። እኳ ድአ በዚ ውጺኢት'ዚ እቲ ዝያዳ ቀንደኛ ተረባሒን ተጠቃሚን ዝኸውንስ ኩሉ ወዲ ሃገር መላእ ሐፋሽ ህዝቢ ኢዩ። እቶም ውሑዳት ሂወቶም ንቓልሲ ዝበጀዉ ተባዓት ወትሩ ከምቲ "ሽምዓ ንሰብ ክተብርህ ክትብል ንባዕላ ትመክኽ" ዝተባህለ፣ መታን ሰቦም ክጥዕሞ ክቐስን፣ ሃገሮም ዓዲ ፍትሒን ርትዒን ኮይና ክትስስን እንተዘይኮኑ፣ ካልእ ዝተፈለ ፋይዳ ከምዘይረኽብሉ'ስ ርዱእ ነገር'ዩ።

መሰረታት ይኹን መሪሕነት ውድብ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ፣ ንመስዋእቲ አቦ ወንበሮም ብመሪር ሐዘን ተቐቢሎም አብ ምስቁንቋንን ጓህን ጥራሕ አይተሐጽሩን። የግዳስ ናይቲ ዝፈትውዎ ክቡር ጅግናን ሐርበኛን ስዉእ መራሒኦም፣ ግቡእ ዝኾነ ፈነዋ ድሕሪ ምግባርን፣ አብ ናይ መወዳእታ ቦታኡ ድሕሪ ምዕራፍን፣ ነቲ ዝገደፎ ሐደራ ንምቕጻል አብ ምሽብሻብ'ዮም አድሂቦም። ነታ ሃገራዊን ደሞክራስያውን ዓላማን፣ ዕማማትን ተጻዊና እትጉዓዝ ዘላ ኤርትራዊት ናይ ለውጢ መርከብ'ውን እንተኾነ፣ ምስ ኩሎም ናይ ለውጢ ሐይልታት ሃገራውያንንን ደሞክራስያውያንን አሕዋቶም ብምውህሃድ፣አብ ናይ መጨረሻ ናይ ዓወት መዕርፎ ማርሳአ ንምብጻሕ፣ እቲ ዘድሊ ስጉምቲን ምድላዋትን አብ ምውሳድ'ዮም ተጓይዮም። እቲ ዝገደፍካልና ኤርትራዊ ህዝባዊ ሐደራ ክንቅጽሎ ኢና። አብ ምቕጻሉ ከአ ንምቾትን ጣዕምን ቀላሕታ ከይሃብና፣ ከምቲ ንስኻ ናይ ውልቀ ስድራ ቤታዊ መቐረት ካልአይ ቦታ ዝሃብካዮ፣ ንሕና'ውን ካልአይ ቦታ ሰሪዕና፣ ንህዝብናን ሃገርናን ክንቃለስ ቆሪጽና ተላዒልና'ለና

ክብሉ’ውን ካብ ውሽጢ ኣባላት መሪሕነቱ፣ ዘደንቕ ውሳኔ ክወስዱ ድአ ተራእዩ። ካብቲ ዝፈትውዎ ክቡር ሂወቶም ኮነ ስድራ ቤታዊ መንብሮ፣ ኣዝዩ ክቡር ዋጋ ክህቡን ክኸፍሉን፣ ቅሩብነቶም ብዘደንቕ ማሕላ ኣሰንዮም ክፍጽሙ፣ ምርኣይን ምስማዕን ብሓቂ ክሙጎሱን ክምስገኑን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኩሉ’ቲ ደላይ ለውጢ ዝኾነ ህዝቦም ክድግፎምን ኣገናዕ ክብሎም’ውን ዘይግባእ ኣይኮነን። እወ እቲ ወትሩ ውጹዕ ዝኾነ ህዝብና ብወጽዕኡን በደሉን ዝሓሙሉን ዝቐዝሙሉን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብኡ መጠን’ውን እንተኾነ ማዕረኡ ብተግባር ዝቃለሱሉን ዝብጀውሉን፣ ተባዓት ዜጋታት ወሊዱ ከምዘፍረየ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነታዊ ምስክርነት’ውን ኢዩ።

ከም መርኣያ ናይ’ዚ ጭቡጥ ዝኾነ ታሪኻዊ ኣብነት ንምጥቃስ ፣ድሕሪ ፈነዋ ሓርበኛ ስዉእ ኣ/ወንበር ውድብ፣ ህጹጽ ዝኾነ መሪሕነታዊ ኣኼባ ብምክያድ ፣ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፣ ኣቶ ተስፋይ ወልደሚካኤል፣ ኣቶ ተኽለ መለኪን፣ ነቲ ምስ ቃልሲ ኣወሃሂዶም ዘካይድዎ ዝነበሩ ስድራ ቤታዊ መንብሮ ገዲፎም፣ ምሉእ ብምሉእ ሂወቶም ናብ ሃገራዊን ውድባዊን ቃልሲ ከወክፍዎን ክጸምድዎን ምውሳኖም፣ ኣድናቖትና ምግላጽ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንዓታቶም ኮነ ንስድራ ቤቶም፣ ክብ ዝበለ ናይ ክብሪን ምስጋናን መልእኽትና ነመሓላልፈሎም።

እዞም ተባዓት ነብሶም ንሃገራዊ ቓልሲ ዝበጀዉ ደቂ ሃገር እዚኦም፣ ቀደም’ውን እንተኾነ ገሊኦም ካብ መስረትቲ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ኣብ ስሳታት፣ ገሊኦም ከኣ ቅድመ ግንባር ብረታዊ ተጋድሎ ካብ ፈለማ ሰብዓታት ጀሚሮም፣ እጃሞምን ክቡር ናይ ንእስነት ዕድመኦምን ዘበርከቱ’ዮም። ንሳቶም ኮነ እቶም ካልኦት ምሉእ ሂወቶምን ጊዜኦምን ንሃገራዊ ቃልሲ ወፊዮም፣ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን ዘምጽእ ለውጢ ንምርግጋጽ፣ ፊተ ግንባር ቃልሲ ቦታኦም ሒዞም፣ ዘይሕለል ተጋድሎ ዘካይዱ ዘለዉ፣ መራሕቲ ይኹን ተራ  ኣባላት መላእ ተቓወምቲ ሓይልታት’ውን እንተኾነ፣ በዚ ኣጋጣሚ’ዚ ዝለዓለ ናይ ክብሪን ሞገስን ሰላምታና ነመሓላልፈሎም።

እቶም ፊተ ግንባር ቃልሲ ኮይኖም ሂወቶም ክብጀዉ ድሉዋት ዝኾኑ ሓርበኛታት ደቂ’ዛ ሃገር እዚኦ፣ ከም ስጋ ሰብ ዝለበሰ ወዲ ኣዳም መጠን፣ ዓለማዊ ምኞት ኮነ፣ ስድራ ቤታዊ ጣዕሚ ከስተማችሩ ስለዘይብህጉን ስለዘይሃርፉን ኣይኮነን። ከም ማንም ሰቦም’ውን እንተኾነ፣ ነብሶም ሓራ ኣውጺኦም ክወናጨፉ፣ ክነብርሉ ዝኽእሉ እንዳተዓጻጸፉ፣ ብልሃትን ሞያን ንኽውንኑ ዘኽእል ሓንጎልን ኣእምሮን’ውን ተዓዲልዎም’ዩ። የግዳስ ፍቕሪ ሃገሩ ዝሓደሮን፣ ጭቆና ህዝቡ ዝመረሮን፣ ሓርበኛ ተቓላሳይ ወዲ ሃገር፣ ብዝያዳ እቶም ምስኡ ዝነበሩ ስውኣት ብጾቱ ድፍእ ክብሉ ወትሩ ትዝ ክብሎን ክረኣዮን ከሎ፣ ከምኡ’ውን እቶም ተጨውዮም ብሂወቶም ከለዉ፣ ብዘይ ፍርዲ ተደብዮም ዝበልዩ ዘለዉ ተጋደልቲ ብጾቱ’ውን ቅድሚኡ ድቅን ክብልዎ ከለዉ፣ ንሰብኣዊ ኒሑን ሓቦኡን ቀንዲ ፈልፋሊ ምንጪ ሓይሊ ኮይኑ የለዓዕሎ። ከይተሓለለን ከይሰልከየን ንኽቃለስ ከኣ የተባብዖን የዕጥቖን። እቲ ዕጥቂ’ቲ ግን ብሓቂ ኩሉ መኒኑ ይዓጥቖ ማለት ኣይኮነን። ንሱ ስለዝኾነ ኢዩ ከኣ ነቶም ኣብ ህሉው ሕልኽልኽ ዝበለ ፖለቲካዊ ኣተሃላልዋ ሃገርና ከይገደሶም፣ ምሉእ ሂወትናን ጊዜናን ከነወፊ ተዕጢቕና’ለና ኢሎም ብቖራጽነት ንዝውስኑ፣ ኣማን ብኣማን ፍሉይነት ኣለዎም እንብል።

እወ ኣብዚ ዘለናዮ ኣዋጣሪ ሰዓት'ዚ ኩሉ ንድሕሪት ገዲፉ፣ ሂወቱን ናብራኡን ጠንጢኑ፣ ንስለ ምዕዋት መሰል ህዝቡን፣ ንስለ ምርግጋጽ ክብሪ ሃገሩን፣ ክቃለስ ወሲኑ'ለኹ ዝብል ኤርትራዊ እንተተረኺቡ፣ ብዘይቃልዓለም ብህዝቡ ክሙጎስን ክምስገንን'ዩ ዝግብኦ።

ምናልባት ገለገለ ሰባት ምስቲ ዝሐለፈ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዘካየድናዮ ብረታዊ ተጋድሎ ብምዝማድ፣ ዋእ እዚ ድኣ እንታይ ሐዲሽ ነገር ኮይኑ'ዩ፣ ቀደም'ዶ ናብራኡ ገዲፉ ዝተሰለፈን ዝተጋደለን፣ ዓኺይ ኮነ ሽቃላይ፣ ምሁር ኮነ ተመሃራይ ኣይነበረን'ዩ፣ ዝብል ርእይቶ የምጽኡ ይኾኑ። እወ እዚ'ውን እንተኾነ ርግጽ እማን ሐቂ'ዩ። እንተኾነ ግን ኣብቲ ቀደም ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝነበረ ተጋድሎ፣ ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ካብ ጻት ንጻት ከቲቱ፣ ብተግባራዊ ኣካሉ ተሳቲፉ፣ ጥሪቱን ገንዘቡን ኣወኪፉ፣ ብምሉእ ንያቱን ሐሳቡን ደጊፉ፣ ምስ ሰውራኡ ደው ኢሉ መኪቱ ስለዝገጠሞ'ዩ ንመግዛእቲ ስዒርዎ። ሎሚ'ኸ እቲ ባይታ'ትን እቲ መንፈስ እትን ብሐቂ ኣሎ'ዶ? ኣይፋሉን ብፍጹም እባ ድኣ ዘይሕሰብ። ሎሚ ፍትሒን ርትዒን ጎዲሉ፣ ዓደቦ ብኣጻብዕ ዘይቁጸሩ ጎሐሉ ተበዲሉ ከብቅዕ፣ ነቲ ብሐደ ውልቀ ሰብ ዝሕለኽን ዝምለኽን ናይ ጕሐሉ ስርዓት ስርዓትና'ዩ ዝብሉን፣ ነቲ ዘርኢ ኤርትራ ንምጽናት፣ብዘይካ ወረ ውግእን ምህርቲ ኲናትን ዝዓውዱ፣ ካልእ ፈጺሙ ትሕዝቶ ዘይብሉ ጨቋኒ መንግስቲ ህግደፍ መንግስትና'ዩ ብምባል ክንድኡ ዘራፍ እንዳበሉ ዝድብሉን፣ ቁጽሮም ካብ ሕብረተሰብና ኣቃሊልካን ኣነኣኢስካን ዝርኤ ኣይኮነን። ኩሉ'ቲ ዝግበር ናይቲ ስርዓት ግዕዙይ ምሕደራን፣ ጨቋኒ ኣሰራርሐን እናፈለጠ፣ ከምዘይፈልጥ ኮይኑ ንኽነብርን ንኽብለጽን ኢሉ፣ ነቲ ስርዓት ዘውደልድልን ዝግብርን ተበላጺ እሞ ኸአ መሊኡ'ዩ ንሱ'ኳ ይበዝሕ።

ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካዊ ምስቅልቅልን፣ ከምዚ ሕጂ ሕብረተሰብና ብኣተሐሳስባኡን ኣረዳድኣኡን ተገዛዚዑ፣ ምቕልቃል ዝሰፈኖ እዋንን ፣ ኣነ ንሃገረይ ብምባል ናይ ለውጢ ሃዋርያ ኮይኑ ከገልግልን፣ ሃገሩ ልዑላውነት ግዝኣተ ሕጊ ዝነገሳ፣ ዓዲ ፍትሕን ርትዕን፣ ዓዲ ማዕርነትን ሕውነትን ዝኾነት፣ <u>ሐዳስ ደሞክራስያዊት ኤርትራ</u> ንምርግጋጽ፣ ምሉእ ሂወቱ ክብጆ ቆሪጹ ንዝተላዕለ'ስ ከመይ'ሉ ፍሉይነት የብሉን ክብሃል ይከኣል? ፍሉይነት ድኣ ኣለዎ'ምበር ብዘይ ኣጋንኖ ብዘይ ቃል ዓለም። እስከ ንስለ ሐቂ ንጢያየቕ፣ ከም'ቲ ናይ ቀደም ዘበነ ባዕዳዊ ግዝኣት መኪትካ ዝሰዓርካዮ፤ ንዓ ሕጂ'ውን ንህዝብኻን ሃገርካን ካብ ኣርዑት ሐደ ሰብ ዝውንኖ ምልካዊ ስርዓት ሐራ ከተውጽእ ክተት ዝብል ጻውዒት እንተዝግበርስ መንን ክንደይን ኮን ኣነ ኣለኹ ምበለ? ሰብ ነነብሱ መርሚሩ ባዕሉ መልሱ ይርከብ።

ምናልባት ካብ ገለ ገለ'ውን ተቓወምቲ ሐይልታት ስለዘይሐየሉን፣ ብግቡእ ስለዘይመርሐን'ምበር ኩሉ ምሰዓቦም ኔሩ ዝብል ርእይቶ ይመጽእ ይኸውን። እዚ'ውን እንተኾነ ብሐቂ ክምርመርን ክርኤን ከሎ፣ ንተቓውሞ ዘሐይሎን፣ ብግቡእ ንኽመርሐ ዘገድዶን ናይ ህዝቢ ንጡፍ ተሳትፎ ምኻኑ ዘይምግንዛብ ኢዩ። ኣብ ክንዲ ብወንጭፍ እንዳለኣኽካ፣ ዓይኒ ማዕዶ ኮይንካ ጉድለታትን ድኽመታትን ናይ ተቓወምቲ ምጽብጻብ፣ ኣብቲ ዝመስለካን ብኣተሐሳስባ ዝቐርበካን ሽነኽ ኣብ ማእከሉን ውሽጡን ኣቲኻ፣ ንዝኽሰብ እንዳኸሰብካ፣ ያዕ ኢልካ ንዝግለፍ እንዳገለፍካ፣ መተካእታ ናቱ ከአ እንዳ ኣምጻእካ ብምጽፋፍ፣ ንቕድሚት ክትምርሽ እንተዘይበቒዕካ፣ ኩሉ'ቲ ዝብሃል ናይ "ይበላኻ" ዝዓይነቱ ከንቱ ሽንኮለል ኮይኑ ጥራሕ'ዩ ዝተርፍ። ቃልሲ

ውሽጡ ኣቲኻ ከይተጣማጠምካ፣ ጉድለታት ስለዝጸብጸብካ ጥራሕ፣ እቲ እትደልዮን እትሃርፎን እንካ ኢሉ ፈትፊቱ ዝህበካ ኣካል ከምዘየለ ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ዓለምና ኩሉ ዝተራእየ ፖለቲካዊ ጉዕዞ፣ ብቃልሲ መኸተን ተጽዕኖን ተገዲዱ እንተዘይኮይኑ ብፍታዉ እንካ መሰልካ'ዩ ዝበለ ተራእዩ'ውን ኣይፈልጥን። ስለዚ ኩሉ'ቲ ኣብ ዓደቦኡ ናይ ሰላምን ፍጹም ቅሳነትን ለውጢ ምርግጋጽ ዝብህግ ወዲ ሃገር፣ ነቲ ዝነበረን ዝተወደበን መደበር ናይ ለውጢ ተቓውሞ ምፍራሱን ምዕናዉን፣ ካልእ ሓዲሽ መራብሕቲ ቁጽሪ ምፍጣርን ምምሃዝን ዘይኮነስ፣ ኣብ ውሽጡ ኣትዩ ብኸርብሖን ክጠቕሞን ዝኽእል መንገዲ ክቕይሶን ክሰርዖን'ዩ ዝግብኦ። ሸዑ ጥራሕ'ዩ ከአ እቲ ሓቀኛ ንህዝቢ ዘገልግል ኣገባብን፣ ንሃገር ዝጠቅም ውሕስነት ዘለዎ መንገዲን ሒዝና'ለና ክብሃል ዝከኣል።

ኣብ መደምደምታ ጽሑፍቶይ ክብሎ ዝደሊ እንተልዩ፣ ንኽቡራት ተቓለስቲ ምሉእ ሂወቶም ግዜኦምን ከወፍዩ ዝወሰኑ፣ ናይ ኣ/ወንበርነት ቦታ ዝተክኤ ተጋዳላይ ወልደሱስ ዓማር፣ ናይ ኣቦ ወንበር ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ዝተመዘዘ ተጋዳላይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፣ ናይ ኣህጉራዊ ቤት ጽሕፈት ሓላፍነት ዝተሰከመ ተጋዳላይ ተኽለ መለኪን፣ ነቲ ዝወሰድዎ ከቢድ ሃገራዊ ጾርን ሓላፍነትን ዘሸክም ስጉምቶም፣ ዝለዓለ ኣድናቖትናን ሞገስናን እንዳ ኣቕረብና፣ ንስድራ ቤቶም'ውን እንተኾነ ናይ ክብሪ ምስጋናና ነቕርበሎም። ነቲ ብሓባር ከነካይዶ ዝጸናሕና ሰፍ ዘይብል ጾር ሃገራዊ ቃልሲ፣ ከምቲ ልሙድ ኣብ ጎድንኹም ኰንና ብትሪን ብዝለዓለን ንያትን ክንቅጽሎ ኢና። ነቲ ካብ ግዜ ንእስነትና ብሓባር ዝጀመርናዮ ቅድም ናይ ነጻነት ጉዕዞ፣ ሕጂ ከአ ንስለ ናይ ሐርነት ደሞክራስያዊ ቃልሲ፣ ክሳብ ፍጹም ዓወቱ ዝንናጸፍ ብሓባር ቆሪጽና ከም እንድምድሞ ንመባጻዓልኩም።

ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቒመ ክህቦ ዝደሊ መተሓሳሰቢን ለበዋን እንተልዩ፣ እቲ ዝካየድ ሃገራዊ ቃልሲን እቲ ክረጋገጽ ተደልዩ ዘሎ ለውጢን ንመላእ ወዲ ሃገር ዝምልከት ስለዝኾነ፣ ኩሉ ከአ ተሳታፍነቱ መታን ከዕዝዝ፣ እዚ ዝስዕብ ርእይቶ ብትሕትና የመሓላልፈልኩም።

1. እቲ ኣንጻር ገባቲን መላኽን ዘቕንዔ ቃልሲ፣ ንኹሉ ደላይ ለውጢ ዝምልከትን፣ ካብ ዓቕሚ ናይ ሐደ ውድብ ንላዕሊ ዝሐትትን ስለዝኾነ፣ ቀዳማይ ዕማም ጽፉፍን ንጹርን ናይ ተቓወምቲ ሐይልታት ምጥርናፍ ክካየድ። ብሕጽር ዝበለ ደሞክራስያዊ ኪዳን ናብ ዝለዓለን ዝጸፈፈን፣ ዓውደ ፖለቲካዊ መስርሕ ኤርትራ ንምቕያሩ ዝያዳ ዳህሳስ ኣብ ምክያድ ተራኹም ከተዕዝዙ።
2. እቶም ዝመሳሰል ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎም ውድባት ናብ ሐደ ምስማርን፣ ምስቶም ዝተፈላለየ ፕሮግራም ኣለና ዝብሉ ከአ ተወሃሂድካ ዝኽየደሉ ጻዕርታት ኣብ ምብርታዕ እጃምኩም ክትጻወቱ።
3. ተራ ውልቀ ሰባት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ንዝህብዎ ሃናጺ ርእይቶ ጽን ምባልን፣ ግደታቶም ዝጻወትሉ ኣፍ ደገ ኣብ ምርሐው ኣገዳስነቱ ሪኢኹም ምስ ኩሉ መስኖታት ክትከፍቱ ይላቦ።

ንመላእ መራሕቲ ውድባት ተቓውሞ’ውን እንተኾነ፣ ዝመስለካ መተሐሳሰቢን መዘኻኸሪን ምሃብ አገዳሲ ኮይኑ ስለዝተሰመዓኒ፣ ነዚ አጋጣሚ ተጠቒመ እዚ ዝስዕብ ርእይቶይ ብትሕትና የቕርብ።

እቲ ንኤርትራ ሃገርኩም ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ነጻ ንምውጻእ ዝተሰለፍኩምሉ እዋን፣ ዓመታት ቆጺርካ፣ ንድሕሪት ተመሊስካ፣ ምስ ዝርኤ ውሑድ አይኮነን። ሽዑ ብሐቂ ለይለይ እትብሉ፣ ሐዊ ሐዊ ከአ እትሸትቱ መንእሰያ ኢኹም ኔርኩም። ምስ’ቲ ኩሉ ሰውራና ዝሐለፎ ናይ ውሽጢን ደገን መሪር ሐጐጽጎጻት ደሚርካ ክምዘን ከሎ’ውን ክሳብ ሕጂ ዘሕለፍኩሞ መዋእል አዝዩ መሪርን ብዙሕን’ዩ። አይተዓደልኩምን’ምበር ሎሚ ህዝብኹም ዝቐስነሉ፣ ንስኹም ዓደቦኹም አቲኹም ተዕርፍሉ ትኸብርሉ፣ መንእሰይ ብትምህርትን ተክኖሎጂን ተኾስኲሱ ዝዓብየሉ፣ ነጋዳይ ነጊዱ፣ ሐረስታይ ሐሪሱ መሬቱ ዘልመዓሉ፣ ኮታ’ስ ቅስንቲን ምዕብልትን ኤርትራ እትገሃደሉ እዋን’ዩ ክኸውን ዝግብኦ ኔሩ። ግን’ከ አይኮነን። ስለዘይኮነ ከአ ብርክኹም ከይዓጸፍኩም ነቲ ዝጀመርኩሞ መዓርፎኡ ክሳብ ዓወቱ ዝበጽሕ ንኽትቅጽልዎ ወሲንኩም። እወ እቲ ቀደም ፈለማ ዝነበረኩም ውዑይ ደም ናይ ጎበዝ መንእሰይ ድሌትን፣ እቲ ሕጂ ዘለኹሞ ደረጃ ዕድመን ተመኩሮ ብስለትን ብሐቂ ይፈላለ ኢዩ።
ብመልክዕ ሰዓት ይኹን መዓልቲ ምስ እንመዝኖ፣ እቶም ናይ ስሳታት ይኹን ናይ ሰብዓታት አብ ቃልሲ ዝተሰለፍና፣ ሎሚ ዕድሜና ክርኤ እንከሎ፣ ገሌና ፍርቂ መዓልቲ ወይ ከአ ሰዓት ሐደ፣ ገሌና ከአ ሰዓት አርባዕተ ወይ ከአ ሐሙሽተ አብ ምምሳይ ገጹ ኢና በጺሕና ዘለና። ሕጂ ናብ ስልጣንን ቦታን እነማዕድወሉን ሕድሕድና እንስሐሐበሉን እዋን’ውን ብፍጹም አይኮነን። ዋላ እንተደለና’ውን ንኽምኡ ዕድል ዝህብ መጋላበጢ ጊዜ የለን። ሎሚ ወዲ ሐምሳ ዘሎ ዓሰርተ ወይ ዕስራ ዓመት ወሲኹ ሽማግለ ኢዩ። ዘገርም ዕድመ ወዲ ሰብ ከም ጽላሎት ሽውሽው ኢሉ ዝሐልፍ ብሐቂ ሐጺር’ዩ። ስለዚ ቀንዲ ናይዚ መድረኽ’ዚ ዕማምና፣ ነቶም ሕጂ ዝወግሑም ዘሎ ደቅናን አሕዋትናን፣ ዝረግጽዎ ውሕስነት ዘለዎ መሰጋገሪ ድልድል ሰሪሕናሎም ምሕላፍን ምስጋርን ጥራሕ’ዩ ክኸውን ዝግባእ። ሕጂ አብ ቅድሜኹም ዘሎ ምርጫ ወይ አዕናዊ ታሪኽ ሰሪሕካ ብኹፍእካ ንዘለአለም ምንባር፣ ወይ ከአ ዘደንቕ ሃናጺ ታሪኽ ሰሪሕካ ብመጻኢ ወሎዶታት እንዳኸበርካን እንዳተወደስካን ንዘለአለም ዘዘክር ሐወልቲ ትካል መስሪትካ ምሕላፍ ኢዩ።
ናይ ርእይቶ ሐሳብን ፍልልይ ክህሉ ግድነት’ዩ መድሃኒቱ ግን፣ ምጥቕቓዕ ዘይኮነስ ሕድሕድ ጽን ኢልካ ምድምማጽን፣ ተጸዋዊርካ ብምክእአል ፍታሕ ምርካብን ኢዩ። ስለዚ ነዚ አተሐሳስባ’ዚ ሒዝኩም ዓደቦኹም ከተድሕኑ፣ ዝተረፈ መዋእልኩም’ውን መታን ክትቀስኑ መጸዋዕታ ይቐርበልኩም አሎ። ልዕሊ ኩሉ ግን በቲ ዘበርከትኩሞ ምሉእ መዋእል ሂወትኩም ክብሪን ሞገስን ይብጻሕኩም።